# ንግደት ኢዮቤል ተስፋን፣ ዝኽሪ መበል 30 ዓመት ምስረታ ሰበኻ ከረንን

ሎሚ ዕለት 26 ሕዳር 2025፣ ኣብ ቅርዓት ቅዱስ ጴጥሮስ ኣብ እተኻየደ ሰሙናዊ ናይ ዕለተ ረቡዕ ሓፈሻዊ ኣስተምህሮ ትምህርተ ክርስቶስ፣ ቅዱስ ኣቦና ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ልዮን መበል 14፣ ነቲ ንዓመተ ኢዮቤል ተስፋ 2025 እተወፈየ ተኸታታሊ ትምህርተ ክርስቶስ፣ “ክርስቶስ ተስፋና ኢዩ” ዝብል ኣርእስቲ ብምቕጻል፣ ብዛዕባ እቲ ኣብ ምስጢረ ፋሲካ ክርስቶስ ዘሎ ናይ ተስፋ ህይወት ኣስተምሂሮም።



ብፁዕ ኣቡነ ኪዳነ ይዕብዮ ጳጳስ ካቶሊካዊ ኤጳርቅና ከረን፣ ብምኽንያት ዓመተ ኢዮቤል ተስፋን፣ ብምኽንያት እቲ ሰበኻ ከረን ሎም ዓመት ዝጽንብሎ ዘሎ መበል 30 ዓመት ዝኽሪ ምስረታ ሰበኻኦምን፣ ንወከልቲ ምእመናን ሰበኻ ከረን ንዝኾኑ ካብ መላእ ኤውሮጳን ኣመሪካን ውሽጢ ሃገረን ዝመጹ ምእመናን ካህናት ሰብ ውፉይ ሕይወትን ኮይኖም ኣብቲ ዝተኻየደ ሓፈሻዊ ኣስተምህሮ ትምህርተ ክርስቶስ ተሳቲፎም።

ቅዱስ ኣቦና ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ልዮን መበል 14 ድሕሪ ኣስተምህሮ ትምህርተ ክርስቶስ ኣብ ዝለገስዎ ቃል ሰላምታን ምሕጽንታን፣ ነዚ ኣጋጣሚ ምኽንያት ብምግባር፣ ንኤጳርቅና ከረንን ንነጋድያን ተሳተፍቲ እቲ መደብን ፍሉይ መልእኽቲ ኣመሓላሊፎም። ቅዱስ ኣቦና ኣብ መልእኽቶም፡-

“I also greet the Eparchy of Keren in Eritrea, led by Bishop Kidane Yebio, which celebrates its 30th anniversary. May the Lord guide you always in the witnessing of charity, harmony, and peace. In praying that you may always experience an increase in the virtue of hope during this Jubilee Year. I invoke upon you and your families the joy and peace of our Lord Jesus Christ. God bless you!”



“ካብ ኤርትራ ብብፁዕ ኣቡነ ጳጳስ ኪዳነ የዕብዮ ዝምራሕ፣ መበል 30 ዓመቱ ዝዝክር ንዘሎ ኤጳርቅና ከረን’ውን ሰላምታይ የቕርብ። ኣብ ምስክርነት ፍቕርን ስኒትን ሰላምን ኩሉ ግዜ ጎይታ ይመርሓኩም። ኣብዚ ዓመተ ኢዮቤል ወትሩ ዕቤት እቲ ሰናይ ዝኾነ መንፈሳዊ ሓይሊ

**ተስፋ ከተስተማቕሩ እውን እጽሊ። ንዓኻትኩምን ንስድራቤትኩምን ሓጐስን ሰላምን ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ እምህለል። እግዚኣብሄር ይባርኽኩም!” ቢሎም ሓዋርያዊ ቡራኬኦም ኣካፊልዎም።**

**ኣብ መወዳእቲ እቲ መደብ ድማ፣ ብፁዕ ኣቡነ ኪዳነ ይዕብዮ ንሰበኻ ከረንን ንወከልቲ ነጋድያንን ብምውካል፣ ንቕዱስነቶም ኢድ ብምንሳእ ካብ ምእመናን እተማልእዎ ክልተ ህያባት ከም ገጸ በረኸት ኣቕረቡሎም። እዚ ድማ ብስነ ጥበባዊ ፍጹም ተክለማርያም እተሰናደወ ሓደ ብባህላዊ ስነጥበብ ዘንጸባርቕ ንናይ ሕዝቢ በጐስ ዕለታዊ መነባብሮን ጥበብን ዘምልክት ናይ “ቅልወት” ድሕረገጽ ዘለዎ ስእሊ ቅዱስነቶምን ባዝሊካ ቅዱስ ጴጥሮስን ካቴድራል ቅዱስ ሚካኤልን ዘርኢ ስነጥበባዊ ሥርሓትን፣ ከምኡ ውን ብሥነጥበባዊ መም. ሃብተወልድ ምስግና እተሰናደወ ሓደ ናይ ቅብኣ ስራሕን ኣወፈዩሎም።**




**ነጋድያን ተስፋ ወከልቲ ሰበኻ ከረን ኣስታት 200 ዝኾኑ ምእመናን፣ ነዚ ክልተ ዓበይቲ ኣጋጣሚታት ኢዮቤል ተስፋን ከምኡ ውን ዝኸሪ መበል 30 ዓመት ምስረታ ሰበኻ ከረንን ንምምልካት፣ ምስ ግለ ካህናትን ሰብ ውፉይ ሕይወትን ምእመናን ካብ ውሽጢ ዓዲ ዝመጹን፣ ካብ ኣብ ኤውሮጳን ኣመሪካን ዝመጹ ዝርከብዎም ተወለድቲ ኤጳእቅና ከረንን ኣብ ሓዋርያዊት ከተማ ሮማ ንግደት የካየዱ ኣለዉ።**

**ዝመጽእ ዘሎ ዓርቢ ዕለት 28 ሕዳር ኣብ ቤተክርስቲያን ቅዱስ ኣንጦንዮስ በኾረ መነኮሳት ዘኮለጅ ሩስያውያን ናይ ምሉእ መዓልቲ ስባኤ ከካይዱን መሥዋዕተ ቅዳሴ ከዕርጉን ኢዮም። ቀዳም ዕለት 29 ሕዳር ናብ ቅዱሳት ኣፍ-ደጌታት ባዚሊካ ቅዱስ ጴጥሮስን፡ ቅድስተ ማርያም ዓቢይን፡ ቅዱስ ዮሓንስ ላተራኖን በጺሖም፣ ናይ ተስፋ ንግደት ከካይዱ ኢዮም። ሰንበት ዕለት 30 ሕዳር ብብፁዕ ኣቡነ ኪዳነን ብዝተምራሕ መሥዋዕተ ቅዳሴ ኣብ ቤተ ክርስቲያን ቅዱስ እስጢፋኖስ ዘሓበሻ ኣብ ሃገረ ቫቲካን ብምዕራግ መደብ ንግደቶም ክዛዝሙ ኢዮም።**

**ኣባ ተወልደ መብራህቱ**